## ንጥፈታት ዜጋታትን/ተቐመጥትን ማሕበራትን

ንጥፈት ዜጋታት/ተቐመጥቲ ወለንታዊ ንጥፈት ኮይኑ፣ ዕላምኡ ንጥቕሚ ሕብረተ ሰብ ይከውን። ኣብዚ ንጥፈት ምስታፍ ኣብ ድሌትካን ምርጫካን ዝተሞርኮሰ ይከውን። ኣብዚ ንጥፈታት ብምስታፍ ምስ ግዜ ክትመሃር ትክእል፣ ከምኡውን ዝተፈላለየ ነገራት ብሓባር ምስካሎት ብምኳን፣ ኣብ መነባብሮ ሕብረተሰብ ምምሕያሽ ወይውን ለውጢ ኣብ ሓባራዊ ጉዳያት ኣብ ምምጻእ ተራ ይህልወካ።

ኣብ ፊንላንድ ንኹሉ ሰብ ለውጢ ኣብምምጻእ፣ መሰልን ዕድልን ኣለዎ፣ ከምኡውን ጠቓምቲ ዝኾኑ ወይውን *"ለውጢ ዘድልዮም ጉዳያት"*ናብዝምልከቶ ናብ ክበጽሖዎ ዘለዎም ኣካል፣ ክበጽሑ ክትነጥፍ ማዕረ መሰልን ዕድልን ኣለካ። ሓደ ሰብ ይኹን እኩባት ሰባት፣ ኣብ ሂወቶም ወይውን ከባቢኦም ዝተዓዘብዎ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ወይውን ክድፋኣሎም ዘለዎም ነገራት፣ ብሓፈሽኡ ምምሕያሽ ዘድልዮም ምስዝዕዘቡ፣ ለውጢ ከምጽኡ ዝክእሉ ሜላታት ምሕሳብን ምድላይን ይጅምሩ። ሓደ ጽብቕ ሜላ ካኣ ንለውጢ እትደልየሉ ዘለካ ጉዳይ/ነገር፣ ወይውን ንፍታሕ ተደሊሉ ዘሎ ክሕግዘካ ዝክእል ኣካል ምድላይ ይከውን። ማሕበር ማለት ብዙሓት/ጉጅለ ኮንካ ሓቢርካ ንሓደ ሓባራዊ ዓላማ ናብ ሽቶ ምብጻሕ ይከውን። ንዝተደልየ ጽብቕ ሓሳብ ክምልሰልካ ዝክእል ኣካል ምስ ዘይርከብ ወይውን ምስዘይህሉ፣ ሓድሽ ማሕበር ክትምስርት/ከተቑም ትክእል።

## ሓባራዊ ዕዮ ንናይሓባራዊ ሽቶ

ንጥፈታት ዜጋታት/ተቐመጥቲ ክንብል ከለና፣ ኣብ ዝተፈላለያ ማሕበራትን ውድባትን ኮንካ ምንጣፍ ማለት ይከውን። ማሕበርን ውድብን ብሓፈሻ ትርጉሙ ዳርጋ ዝተመሳሰለ እዩ። ብብዝሒ ውድብ እትብል ቃል፣ ዓቢ ወይውን ኣብ ሙሉእ ሃገር ዝርከብ/ዘገልግል ማሕበር ማለት እዩ። ኣብ ፊንላንድ ልዕሊ 100 000 ንዝተፈላለየ ዓይነት ንጥፈታት/ኣገልግሎት ዘገልግላ ዝነጥፋ ምዝጉባት ማሕበራት ኣለዋ። ንኣብነት ማሕበራት ሰሻልን ጥዕናታትን፣ ማሕበር ተቐመጥትን ቁሸታትን፣ ምንቅስቃስን ስፖርትን፣ ማሕበር መንእሰያት፣ ባህሊ፣ ከምኡውን ማሕበር ጥሮተኛታትን፣ ዝተፈላለዮ ኣብትርፊ ግዜ ዝግበሩ ንጥፈታት ዝጥርንፉ ማሕበራት ኣለዋ። ብተወሳኺ ዝተፈላለዮ ናይ ፖለቲካ ፓርቲታትን ሃይማኖታውያን ማሕበራትን ኣለዋ። ማሕበራት ናይ ከባቢኣዊ፣ ዞባዊ፣ ሃገራዊ ከምኡውን ዓለምለካዊ ክኮና ይክእላ። ብሕጊ ተቀይድካ ንናይ ሓባራዊ ረብሓን ጥቅምን ዘመንጬዋ ማሕበራት ምቛም ይከኣል። ማሕበር ንምምስራት ብውሑዱ ሰለስተ ሰባት የድሊ፣ ዝቆመ ማሕበር ክሰርሕ ክእለትን ተወፋይነትን ይሓትት። ምዝጉብ ዝኮነ ማሕበር ኣብ ምቛም፣ ውሳነ ምሃብ፣ ኣብ ምምሕዳር ይኹን ኣብ ምብታን ዝቆመ ማሕበር፣ ዝግበር ኩሉ ብሕጊማሕበር ዝተሞርኮሰ/ዝተቀየደ ክከውን ኣለዎ። ማሕበርን ኣባላት ማሕበርን ብዛዕባ ኣሰራርሓን ሕግታት ማሕበሮም ባዕሎም ይውስኑ፣ ብከምዚ ኣብላዕሊ ዝተጠቕሰ ሕጊ ተቀይዱ ዝቖመ ማሕበር ወግዓዊ/ሕጋዊ ማሕበር

ይከውን፣ ብተወሳኪ ዝተፈላለየ ንማሕበር ዘድሊ ነገራት ንኣብነት ምወላታት ምሕታት ይከኣል፣ ብማሕበር ዝዳሎ/ዝግበር ኩሉ ነገር ታሓታቲ ኣካል ከምኡውን ሓላፍነት እቲ ማሕበር ይከውን።

ብዝቖመ ሕጊ ማሕበር ጌርካ፣ ዓላማ ምምስራት ማሕበር እንታይ ሙኳኑ ትሕብር፣ ከምኡውን ኣባላት ማሕበር ዝኮኑ፣ ኣባል ተባሂሎም ይጽውዑ። ንዓላማ ማሕበር ዝድግፍ ማሕበርተኛ ክከውን ይክእል። ማሕበርተኛ ንክትከውን ምፍቃድን ዘይምፍቃድን ውሳነ ናይቲ ማሕበር ይከውን። ብዙሓት ማሕበራት ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ኣብዘዳልዋሉ ግዜ ማሕበርተኛ ንክትከውን ዕድላት ይከፍታ። ኣባል ማሕበር ንሙኳን ኣብ ናጻ ድሌትካ ይምርኮስ፣ ገዲድካ ናብዝኮነ ማሕበራት ኣባል ምግባር ክልኩል እዩ። ኣባል ክትከውን እትመርጾ ማሕበር ምስዝህሉ፣ ድሌትካ ነቲ ማሕበር ሓብር። ብዛዕባ ነጻነት ምትእክካብን ምሕባርን ዝሕብር ሕጊ ኣብ ቅዋም ናይ ፊንላንድ ተጻሒፉ ይርከብ። ኣብ ዝተፈላለየ ማሕበራት ምጥርናፍ ወይውን ኣባል ምኳን ዘምጻኣልካ ሳብዕቤን የለን፣ ክሳብ ተጠርኒፍካዮ ዘለካ ማሕበር ስርሑ ወይውን ኣንፈቱ ናብገበን ዘይከደ። ዝቆመ ማሕበር ዓመታዊ ክፍሊት ክህልዎ ይክእል እዩ፣ ገለ ማሕበራትውን ዝተፈላለየ ናይ ማሕበርተኛ ረብሓ ንኣባላተን ይህባ። ሓበሬታታት ብዛዕባ ምቛም ማሕበርን ንጥፈታተንን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክርከብ ይከኣል።

**ንምንታይ ኣብ ንጥፈታት ናይ ማሕበር ትሳተፍ?**

ማሕበራት ዝተፈላለየ ንጥፈታት ንኣባላተን የዳልዋ፣ ብዙሓት ብዘይካ ማሕበርታኛታት ካልኦትውን ዘይማሕበርተኛታት ክሳተፍሉ ዝክእሉ ንጥፈታት የዳልዋ፣ ከም ኣብነት ንተቀመጥቲ እቲ ከባቢ ተባሂሉ ዝዳሎ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ወይውን ንመናእሰይ ቀጻሊነት ዘለዎ ናይ ስፖርት ንጥፈት። ኣብ ንጥፈታት ምስታፍ ፍቅሪ እቲ ዘሳትፈካ ዘሎ ንጥፈት ከትሕዘካን ተሳታፊ ክትከውን ሕልናካ ክዕድመካ ይጅምር። ንብዙሓት ኣብናይ ማሕበራት ንጥፈታት ምስታፍ ተኣኪብካ ግዜካ ብሓደ ምሕላፍ ጥራይ ንባዕሉ ዓቢ ተራ ኣብሂወቶምን ኣገዳስን ኮይኑ ይረክብዎ። ኣብ ማሕበራት ሰብ ክትፋለጥ ሓባራዊ ግዜ ተሕልፍ፣ ትዛናጋዕ ሓቢርካ ብዙሕ ነገር ክትገብር ትክእል ከምኡውን ሓድሽ ክእለት ከተማዕብል/ክትመሃር ትክእል። ብናይ ማሕበር ንጥፈት ኣቢልካ ከኣ ለውጢ ክሳብ ሕብረተሰባዊ ደረጃ ኣብ ምምጽእ ዓቢ ተራ ክህልወካ ይክእል። ኣብ ማሕበራት ናይ ስራሕ ዕድላት እውን ክርከብ ይከኣል። ኣብ ፊንላንድ ናይ ማሕበራት ንጥፈት ካብዝጅምር ልዕሊ 160 ዓመት ኣቑጺሩ ኣሎ፣ ዝተፈላለያ ዓበይቲ ይኩና ነኣሽቱ ማሕበራት ኣብ ሕብረተሰብ ኣዝዩ ዓቢ ተራ ኣለወን፣ ኣብ ማሕበራት ብዙሕ ናይ ሕብረተሰብ ንጥፈታት ይዳሎ፣ ኣብ ምምስራት ጥዑይ ሕብረተሰብ ከኣ ዓብን ኣገዳስን ተራ ይህልዎ። ኣብ ማሕበራት ዝግበር ንጥፈት ተሳታፋይ ብምኳን ኣብምህናጽ ብሉጽ ሕብረተሰብ ዓቕምካ ምውፋይ ዓቢ ተራ ይህልዎ።

**ጥብቆታትን ተወሰክቲ ሓበሬታታትን**

http:/www.demokratia.fi/tietotori/Kansalaistoiminta/

https:/www.kansalaisyhteiskunta.fi

https:/www.toimeksi.fi/Kansalaisille/yhdistystoiminta/

ብዛዕባ ንጥፈታት ማሕበር ብቅልል ዝበለ ቋንቋ ፊኒሽ: https://selko.fi/yhdistystoiminta/

**ቃላት**

ተቐማጢ/ተቐማጢት ዜጋ

ንጥፈት ተቐመጥቲ/ዜጋታት

ሕብረተሰብ

ማሕበር

ውድብ

ወለንታዊ ስራሕ